# *ንመምስሊ ከመይ ኣለኻ ኣይትበሎ፡ ከደርፍ ሰምዓዮ፡ "ክሕደት፣ ጥልመት፣ ብልሸውናን ዓመጳ-ስልጣንን ዝሕላገቱ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር"*

*ገብረ ገብረማሪያም (ዶር.)*

ኩላህና ከምነስትውዕለሉ፡ "ልቦና ኣቦው" ዓሚቕን ተዛሪብካሉ ዝውዳእ ኣይኮነን። ካብ ዕላታት ሓደ ጊዜ፡ ሓደ ቁሪ ኮይንዎ ዕንጨቲ ኣጉዱ ሓዊ ከስሕን ዝደለየ ሰብ፡ እቲ ዕንጨቲ ምንዳድ ኣብይዎ፡ ዝተከኸ ፍልፍላይ ዕንጨቲ እንዳኣውጸአ ከድርቢ ዝራኣይዎ ለባም ሰባኣይ፡ "ስለምንታይ ኢሎም እንተሓተዎ"፡ እንዳተኸኸ ኣሸጊሩኒ ይብሎም'ሞ፡ "ነንዝተኸኸ እድሕር ደርቢኻዮ ዳኣ ከመይ ገይሩ ሓዊ ክነደልካ" በልዎ ይባሃል። ሰዲህኤ "ፍትሒ፣ ርትዒ፣ ዲሞክራሲ፣ ልዕልና-ሕጊ፣ ሓድነት ህዝቢ፣ ወ.ዘ.ተ." ኣብ ኤርትራ ንኽሰፍንን ንኽረጋገጽን ዘይተሓለለ ቃልሲ ንኸካይድ ካብ ነቶም ክልተ ድሕረ-ባይታታ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝውክሉ ኣካላት ዝተሃንጸ ሓድነት ዝሕላገቱ ሰልፊ ኢዩ ነይሩ። ይኩን'ምበር፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ከምቲ ነንዝተኸኸ ፍልፍላይ ዕንጨቲ እንዳኣውጸአ ዝድርቢ ሰብ፡ ኣብ ሰልፊ "ልዕልና-ሕጊ ይከበር፣ ፍትሕን ርትዕን ይንገስ፣ ዲሞክራሲ ይሰስን፣ ሓድነት ይትዓቐብን ይታሓሎን፣ ወ.ዘ.ተ." ነንዝበሉ ኣባላት ሰልፊ፡ ብንጽል ይኹን ብእኩብ፡ "ምስጓግ፣ ምድስካል፣ ምንጻልን ምውንጃልን" ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ ቀንዲ ስርሖም። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍ ዝተገለጸ፡ ሕማቕ ዝራኣዩ ምኹራት ዜጋታት፡ "ኣይፋልኩሙን፡ ንዑ ዳኣ ፍልልያትኩም ብኢሂን-ሚሂን ብልዝብ ፍትሕዎ፡ ንሕና ካኣ ከም ማሓዙት ዜጋታት ክንሕግዘኩም" ዋላ እንተበልዎም፡ ነቲ ናይ ሰላም ጸዊዒት ስለዝነጸግዎ፡ እቲ ዝነበረ ብሰላም ነቲ ሽግር ናይ ምፍታሕ ተስፋ ኣብ ዕጽው መንገዲ ኣብጽሐሞ። እዚ ናይ ሰላም ጸዊዒት ዝነጸገ መልሶም ዘይትጽበዮ ወይ'ውን ዘገረም ኣይኮነን። እቱይ ምንታይሲ፡ ከምቲ ኣብዙሕ ኣገጣሚታት ብሰፊሑ ዝተገልጸ፡ "ክሕደት ውዕል ሓድነትን ምፍራስ ሰዲህኤን፡ መሪሕነት ሰድህኤ ነበር ብመደብ ስለዝገብሮምን፡ ኣብ ባይታ ነኽተግብሮም'ውን ተዳልይሉ ስለዝነበረን"።

ነቶም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላትን ሰልፊ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ካኣ ብፍላይ፡ ንልዕሊ ክልተ ዓመታት ሓድነት ሰልፊ ንኽሕሎን፡ ጸገማት ሰልፊ ብኢሂን-ሚሂን ኣብ ሰልፋዊ ዋዕላ ብልዝብ ንኽፍታሕን፡ ከገብሩዎ ዝጸንሑ ዘይተሓለለ ጻዕርታትን ጠለባትን፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዕሽሽ ምባሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ብለብማት ፈተውቲ የሕዋት/ኣሓት(ሳልሳይ ኣካል) (ከምዚ ኣብ ወሰናስን ናይ መድረኽ ኮንፈረንስ ዝተገብረን ካለኦት ተማሳሰልቲ ቅድሚኡ ዝተወስዱ ሰናይ ተበጉሶታትን) ዝተለገሱ ናይ ሰላም ጸዊዒታት ብተዳጋጋሚ ብምንጻግ፡ ሕጂ ነቲ ምፍራስ ሰልፊ ኣብ ባይታ ኣተግቢርዎ ኣሎ። ኣቦ መንበር ሰዲህኤ ነበር፡ ናይ ሰላም ጸዊዒት ኣብ ወሰናስን ናይ መድረክ ኮንፈረንስ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ብ5 ሕዳር 2017 ነቶም ንዕኡ ዝድግፉ ውሑዳት (ገለ ኣባላት ሰህኤ ነበር) ጥራሕ ብምእካብ፡ ነቲ ካብ ሰዲህኤ ዝሓዘ-ሒዙ ተፈንጭሉ ናይ ምኻድ መደባት መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ኣተግቢርዎ ይርከብ። "ን2010 ውዕል ሓድነት ሰዲህኤ" ብምጥላም፣ መሰረታት ሰልፊ ዘንበሩሉ "እምነት (Trust)" ብምኽሓድ፣ ንጠለባትን ድሌታትን መሰረታት ሰልፊ ስልጣኑ ተጠቒሙ ብምዕማጽን ካብ ሰዲህኤ ዝቖመሉ መሰረታዊ መትከላትን ተልእኾታትን ብምህዳምን፡ *ካብ ሰዲህኤ ተጎሊሉ ብምፍንጫል፡ ናይ ታሪኽ ክሕደት ፈጺሙ ኣሎ።* እዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ክፈልጦን ከስተባህለሉን ዘሎዎ ተረኽቦ ኢዩ። ጉዳዩ ስለዝኾነ። ሰዲህኤ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ኣንቢሩሉ ዝነበር ሰልፊ ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን። በቲ ካልእ መልኺዑ፡ ነቶም ከኾነልና ኢሎም ለይትን ማዓልትን፡ ኩሉ ዝኻኣሎም ዓቅምታት (ጊዜ፣ ገንዘብ፣ ኣቃልቦ፣ ክእለት፣ ሕብረተ-ሰብኣዊ ተንጽሎታት፣ ወ.ዘ.ተ.) ንነዊሕ ዓመታት ዝኸፈሉ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን፡ እቲ ናይ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ክሕደት መሪር ኢዩ። መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ስልጣኑ ተጠቒሙ ጠሊምዎምን፡ ነታ ዝሃነጽዋ ገዘኦም (ሰዲህኤ) ኣፍሪሱ፡ ውሑዳት ሒዙ፡ ኣብ ገልጎል ደርብይዎም ከይዱ። ***ኣነ፡ ዝሓዝኩ-ሒዘ "ኣጉደይ ሰሪሐ ኣለኹ" ክብል በቲ ብ5 ሕዳር 2017 ዝገበሮ ኣኼባ ኣፍሊጡ ኣሎ።*** እቲ ኣብ ጎልጎል ተራሕሪሑ ዝተኻሕደን ዝተጠልመን፡ እቲ ዝበዘሐ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰዲህኤ እንታይ ኢዩ ክኸውን፡ ጊዜ ዝምልሶ ሕቶ ኢዩ። እንተ እቲ ክሕደት ዝፈጸመ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ግን፡ ካብ "ክሕደት፣ ጥልመት፣ ብልሸውናን ዓመጳ-ስልጣንን ዝሕላገቱ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር" ዳኣ እንታይ ክትጽበ ይካኣል ኢልካ ምሕላፉ ከይሓሸ ኣይተርፍን ኢዩ። ይኩን'ምበር፡ ዝበዝሓ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን ራሕሪሑ፡ ካቶም ነቲ ሓድነት ኣብ 2010 ዝቖሙ ኣካላት፡ ካብቲ ሓደ ሸነኽ ጥራሕ ውሑዳት ኣባላት ሒዙ ካብ ሰዲህኤ ከምዝተፈንጨለን፡ *ካብ ሕጂ ንዳሓር'ውን፡ በቶም ዝበዝሑን ነቲ መልክዕን ትሕዝቶም ናይ ሰዲህኤ (ናይ ክልቲኡ ነቶም ነቲ ሓድነት ዘቐሙ ኣካላት ድሕረ-ባይታታ ዝሓቐፈ) ዝሓዙ ኣካላት (ሰዲህኤ) ሸም ክዛረብ ይኹን ክውኽል፡ ሕጋዊ ይኹን ሞራላዊ ብቕዓትን መሰልን ከምዘይብሉ፡ ንሰፊሕ ህዝቢ ኤርትራ ክንሕብር ንደሊ። ንዝወሰዶ ናይ ምፍንጫል ስጉምቲ፡ ተሓቲ ንሱ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ምዃኑ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ክፈልጦ ንደሊ።*

እቲ ብኣቦ መንበር ሰዲህኤ ነበር፡ ብ5 ሕዳር 2017 ዝተገብረ ኣኼባ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝሓዘ-ሒዙ ካብ ሰዲህኤ ተጎሊሉ ከምዝተፈንጨለ ዝኣወጀሉ ኩነታት ምንባሩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብቲ ኣኼባ ዝቐረቡ ዘገርሙ ጸብጻባት'ውን ነይሮም። ሓደ ካብኣቶም፡ ብዛዕባ "ናይ ብሓባር ምስራሕ ናይ ዘተ እማመና ---" ዝብል ኮይኑ፡ ምስ ካለኦት ውድባት፣ ሰልፍታት፣ ምንቅስቓሳትን ንኽሰርሑ ዘለዎም ድልውነት ዝጠቅስ ኢዩ። እዙይ ግን ምስልይነቶም ዘንጻባርቕ እንተዘይኮይኑ፡ ብውድዕነት ክምዘን ከሎ፡ ሓቅነት ይኹን ባይታ የብሉን። ምኽንያቱ፡ ምስ ካለኦት ሓይልታት ከትሰርሕ እተኾይንካ፡ መጀመሪያ ናይ ዕርቅን ናይ ምርድዳእን መንፈስ ክሰፍን ኣለዎ። እዚ ዝኸውን ግን፡-

1. መጀመሪያ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ምስ ነበሶም ክትዓረቑ ኣለዎም። ምስ ነብስካ ምትዕራቕ ማለት፡ "ትብሎን ትገብሮን ሓደ ምስዝኸውን ኢዩ"። ርሑቕ ከይከድና፡ ታሪኽ ሰድህኤ ጥራሕ እኳ እንተራኣና፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር እዚ መሰረታዊ ባህሪ ናይ መሪሕነት (Leadership Integrity) ይጎድሎም ኢዩ። እሱ ስለዝኾነ ኢዩ ኻኣ ሕጂ ውዕል ሓድነት ጠሊሞም ንሰዲህኤ ዘፍረስዋ።
2. መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ መጀመሪያ ምስ ነብሶም ምስታዓረቑ፡ ምስ ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ዘለዉ ኣካላት ክታዓረቑ ኣለዎም። መጀመሪያ ምስ ኣብ ሓደ ሰልፋዊ ፕሮግራም ዝኣምኑ ሓቢሮም ክሰርሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ብግብሪ ግን ከምኡ ክግብር ዘኽእል ናይ መሪሕነት ባህርያት ስለዘይብሎም ኢዮም ሕጂ ካብ ሰዲህኤ ተጎሊሎም ተፈንጭሎም ዘለዉ።
3. ነዚ ኣብ (1) ን (2) ዘሎ ሓቅታት ጎስዩ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ "ናይ ብሓባር ምስራሕ ናይ ዘተ እማመ ---" ኣለኒ እንተበለ፡ ምስልይነቱ ካብ ምግላጽ ሓሊፉ፡ ንዝኾነ ኣካል ከእምን ኣይክእልን ኢዩ።

እንተ እቲ፡ "ናይ ብሓባር ምስራሕ ናይ ዘተ እማመ" ዝባሃል ዘሎ እንተኮይኑ፡ ኣብ ሓምለ 2011 ኣዳሊና ንትግባሬኡ ናብ መጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ ነበር ዘረከብናዮ ኮይኑ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ከተግብሮ ዘይካኣለን ፍሽለቱ ዘመልክትን ኢዩ። ሕጂ ድሕሪ 6 ዓመታት፡ ከም ሓዱሽ ነገር ገይሩ ክቐርቦ ምፍታኑ፡ ምስልይነት መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ጥራሕ ኢዩ ዘርኢ። ገለ ክፋል ናይቲ 40 ገጻት ዘለዎ ዶኩመንት እንሆ፡-

"**A Multi-level Approach to Alliance Formation**

Alliance formation should follow a scientific approach. Forces with divergent strategic views cannot form a dynamic and growing alliance. Partners in an alliance should have to have the same or similar views on the fundamental and principal issues. Depending on the degree of similarities concerning their political programs, political orientations and political perspectives on national issues, alliances can be formed at different levels – the continuum could go from complete union at one end to a federation of democratic forces at the other end. In the context of Eritrea, for instance, forces that want to form an alliance at the national level should have to have the same or similar views at least on the following issues and such an umbrella could be named as 'Eritrean National Democratic Forces Federation (ENDFF)':

1. *Common Understanding on PFDJ Dictatorship:* the partners should have to have a common understanding and position that PFDJ oppresses and indiscriminately violates the rights of all Eritreans regardless of religion, sex, ethnic or regional affiliations.
2. *Sovereignty*- they (the partners) should have to have unflinching belief in the national sovereignty of Eritrea and be ready to defend it without buts and ifs in the event of foreign aggression. Partners have to have respect to the unity of its people and to the territorial integrity of the nation of Eritrea. These commitments should be clearly spelled out in the political programs of these partners.
3. *Justice*- the partners should commit themselves to justice, democracy, rule of law and respect as well as uphold human rights. Partners should be evaluated on these issues from their daily particles and these elements of a democratic society should be spelled out in their respective programs.
4. *External Policy*- partners should have to have similar views on the role of foreign cooperation and help. The role of changing its government should be the sole responsibility of the Eritrean people and partners should uphold and respect this basic principle.
5. *Method of Changing Government*- partners should have to have the same stand on the issue of how the Eritrean people change the current government and any future governments if need be.
6. *Who is the Enemy*- Partners should have to have similar view on who is the enemy of the Eritrean people. This should be clearly spelled out in the political programs of the partners. Dictatorial intent and practices are the enemies of the Eritrean people and the partners should fight these enemies wherever they might be. And since justice starts at home, partners should be ready to start the fight against dictatorial practices and intents within themselves.
7. *Problem and Solution Identification*- Partners should have to have similar views on the ultimate (main source) of the Eritrean problem and its solution. The ultimate source of the Eritrean problem is lack of justice in all of its aspects and the solution lies in bringing justice through a just means and methods.
8. *Commitment to Self-reliant Financing* -An alliance which is not financed from internal sources is always weak and liable to foreign interference. Thus, an alliance should have to have a public support, be transparent, and accountable to the people. In the event of conflict, the ultimate arbitral should be the people through its denial of its support to the culprit and vice versa."

***Roadmap for the Democratization of Eritrea, Unpublished, pp. 21-22, EPDP, July 2011***

እቲ ካልእ፡ “ጨንፈር እገለ ተኣኪባ እዚ በለት፣ ኣብ ዓዲ እገለ ኣባላትና ከምዚ በሉ፣ ጨንፈር እገለ ሓደስቲ ኣባላት ይመጹና ኣለዉ በለት፣ ወ.ዘ.ተ.”፡ ኮታስ ‘ኣጀኺ በለኒ ክተብዕ’ ዝዓይነቱ ዘረባታት ኢዩ ዝዝረብ ዘሎ። ዘይንፋለጥ ነይርና እንተኸውን እኳ፡ ዶ ኾን ንበልና። ብገደ ሓቂ እንተኾይኑ ግን፡ እዚስ ሓደ ነገር የዘኽረካ። ቀደም ይዝከረኒ፡(ኣንበብቲ’ውን ነናትኩም ተዘክሮታት ይህልወኩም ይኸውን)፡ ኣብ *‘ማይ ኩመል’* ወይ’ውን ኣብ *‘ፍቃድብሪ’* ዝተባህለ በረኻ፡ ሓደ ሰብ ንበይኑ ኮይኑ ክደርፍ እንተሰምዕካዮ፡ ስለምንታይ ይደርፍ ከምዘሎ ትፈልጦ ኢካ። ሕያዋይ እንተኮይንካ፡ “ኣታ መን ኢካ ትደርፍ ዘለካ” ኢልካ ተድህዮ’ሞ እታ ደርፊ የቛርጻ። እታ ምድሃይ፡ ኣጀኺ ኣለኩ፡ ኣለና ማለት ኢያ። እንተ ተረጋም እንተኾይንካ ግን፡ ስቕ ኢልካ ደርፍኻ ትሰምዕ፡ ደራፋይ ካኣ ውሽጡ እንዳታሓመሰ ደርፉ ይቕጽል። እቲ በረካ ጸምጸምን ዘፍርሕን ስለዝነበረ፡ እቲ ሰብ ፈሪሑ ኢዩ ዝደርፍ። ውሽጡ ፈሪሑ ከሎ፡ ተባዕ ክመስል ኢዩ ዝደርፍ ወይ’ውን ዘድሂ። ስለዚ፡ እቲ ደሪፍ፡ ውሽጣዊ ኩነታት ናይቲ ሰብ (ፍርሒ) ኢዩ ዘንጸባርቕ። ነዚ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ማእከል ዝገበረን ተጎሊሉ ካብ ሰዲህኤ ተፈንጪሉ፡ ኣጉደይ ሰሪሐ ኣለኹ ዝብለና ዘሎ ጉጅለ፡ ኣጉድኡ ከመይ ውቕቢቲ ከምዝኾነት ይደርፈላ ኣሎ’ሞ ንስማዓዮ። ***ንመምሰሊ (Impostor) ከመይ ኣለኻ ኣይትበሎ፡ ክደርፍ ስምዓዮ፡ ዘብል’ውን ከምዚ ምስተረኽበ ኢዩ።***

***ክሳብ ኣብ ቀጻሊ፡ ምስዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ቻርት ንሓድገኩም።***

